

# ብዘይካ እምነታ ካልእ ኣበሳ ዘይብላ

## ምስክርነት ወንጌላዊትን ዘማሪትን ሄለን ብርሃነ

### 3ይ ክፋልን መወዳእታን

ኤረትራዊት ወንጌላዊትን ዘማሪትን ሄለን ብርሃነ ብዛዕባቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮንተይነር ማይስርዋ ክሳብ ሃለዋታ እተጥፍእ ምቕጥቀጥን ኩሉ እቲ ዘጋጠማ ግፍዕታትን ብከመይ ትጸሮ ከምዝነበረት ተሓቲታ ክትምልስ ከላ ከምዚ ዝስዕብ ትብል፡ ከም ሰብ ክትጸሮ ብጣዕሚ ከቢድ ኢዩ፤ ዕላማ ግን ንኹሉ ኢዩ ዘኽእለካ፤ መንፈስ ኣምላኽ ከኣ ብዙሕ ኢዩ ዝሕግዘካ ትብል። እቲ ቀንድን ካብ ኩሉ ዘሕዝነን፡ ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኤርትራ፡

- መሰል ወዲ ሰብ ዘይሕለወሉ
- ስድራ ቤት ፋሕ ብትን እትብለሉ
- መንእሰያት ንእስነቶም ዘየሕለፍሉ
- ሰብኣይ ምስ ሰበይቱን ደቁን ዘይራኸበሉ
- እሱራት ደቆም ሓቂፎም ዘይስዕምሉ
- ኣቦታትን ኣደታትን መንእሰያትን ዝቕጥቀጥሉ
- ዓበይቲ ዓድን ወራዙትን ኣመንትን ዝናሽውሉ

ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮንተይነር ማይስርዋ ዘውድቕ ሕማም ዘለዎምን፡ ከምኡውን ኣእምርኦም ዝስሓቱ እሱራት ከይተረፉ ይእሰሩ ትብል።

ኣቦታትን ኣደታትን ክበኽዩን ክነብዑነን ክትሪኢ እንኮለኻ ብጣዕሚ ኢኻ ትሓዝን።
ሓደ ግዜ ካብቲ ብጣዕሚ ዘሕዘነኒ  ኣብ ሓሊበት ሆስፒታል ኢዩ ነይሩ፤ንሱ ከአ ሃለዋተይ ክሳብ ዝጥፍኣኒ ምስተቐጥቐጥኩ „እምነተይ ኣይገድፍን ኢየ ኢልኪ“ ትፍርሚ ይብሉኒ፤ ኣነ ከኣ ይፍርመሎም እሞ ብቃረዛ ተሰኪሞም ንሓሊበት ሆስፒታል ይወስዱኒ፤ ኣብኡ ከኣ ቅሩብ ሃለዋተይ ምስ ፈለጥኩ፤ ሓደ ካብ ቀደም ዝፈልጦም ብጣዕሚ ወረጃ ዝኾኑ ኣቦ ብምቕጥቃጥ ልቦም ጠፊኡዎም ከምዛ ከማይ በቲ ዝወረዶም ማህረምቲ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ስለ ዝኾኖም ንሕክምና ንሓሊበት ምስ መጹ ንራኸብ እሞ፤ ብጣዕሚ ተባላሸዮም፤ ንሕክምና ኢሎም ኣምጺኦሞም ከብቅዑ፤ መግቢ ከይኣትዎም ተኸልኪሎም፤ ዝተጋዕተ ፓስታ ንክወስዱ ተሰሪዖም ምስ ራኣኹዎም፤ ዝነበረኒ ቃንዛይ ረሲዐ፡ ብዛዕብኦም ብጣዕሚ ሓዘንኩ፤ እናበለት እቲ ኩነታት ከም ፊልም ስለ ዝተራእያ፤ ናታ ሽግራት ክትገልጽ ኮላ ዘይተራእየ ኩነታት ተራእየ፤ብንብዓት ክትዛረብ ኣብ ዘይትክእለሉ ደረጃ በጽሐት እሞ ንሓጺር ግዜ መግለጺኣ ኣቋረጸት።

ሄለን ዋላ ከም ዘይሓልፍ ኣካላ ክሳብ ዝጎድል ትቀጥቀጥ ድኣ እምበር ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮንተይነር ማይስርዋ እውን ምዝማራስ ኣየየቋረጸትን፤ መዝሙራ ንዓኣ ይኹን ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ እሱራት ዓቢይ ምጽንናዕ ይፈጥረሎም ከምዝነበረ እውን ትሕብር፡
እስከ ሓንቲ ካብተን ኣብ እስሪ ቤት እንከሎኺ ትዝምርየን ዝነበርኪ ሓንቲ ካብኣተን ክትዝምር ምስ ተሓተት፤ ብታሕጓስ ክትዝምር ጀመረት ፡

*ዘመን መጺኡለይ ዘመን ዕረፍቲ*
*ሓሊፉ ኢዩ ናተይ ከረምቲ*
*ዘመን መጺኡለይ ዘመን ምስጋና*
*ይባረኽ ኣምላኽ ናትካ ምሰጋና* ....... እናበለት ክትዝምር ከላ ኩሉ ጸጥ ኢሉ ሰምዐ።
ካብ ኩሉ  ዘገርም  ከኣ ኩሉ እቲ ዘጋጠማ ነገራት ብዘይ ቃል ኣጋንኖ ጽቡቕ ገይራ ኢያ ገሊጻቶ፤ ናይ ጽልኢ መንፈስ ኣብ ልዕሊ እዞም ክንደይ ግፍዕታትን በደልን  ኣብ ልዕሊኣ ዝፈጸሙ ቀጥቀጥቲ ስርዓት ሕጊ-ግደፍ ግን ዋላ ሓንቲ ጽልኢ ኣይራኣኹላን።

ኤረ! ኣነ ብእምነተይ ጸኒዐ ንሳቶም ከኣ ዝተኣዘዝዎ ስርሖም ኢዮም ዝገበሩ፤ ከምቲ „ካብ ጣፍ ዝመልአ ክሻ እንተ ኣንኩልካዮ ጣፍ እምበር ዓተር ዘየውጽእ፥ ሰብ ከኣ ከም ዝተመልአ ኢዩ ዝኸውን“ በለት፤ ኣነ ብእምነት ኣምላኸይ ተመሊአ ብእምነተይ ጠጠው ኢለ፤ ንሳቶም ከኣ ብሕማቕ ግብሪ ሰለ ዝተምልኡ ካልእ ክኾኑ ኣይክእሉን ኢዮም በለት።

*„ንዓይ ንኣእጋረይ ዘሰንከሉ ክሳብ ኣብ ኮማ ዝኣቱ ዝቐጥጡኒ እውን እንተኾነ ኣይጸልኡምን ኢየ“ ምስ በለት ንዓይ ከም ሰብ ንክርድኦ ጸገመኒ።*

ኣብዚ ኣኼባ እዚ ክስልዩ ዝመጹ ሓደ ሓደ መሳርሒ ናይቲ ስርዓት ሕጊ-ግደፍ እውን ነሮም ኢዮም፤ ካብዚ ኣኼባ እዚ ከኣ ገለ ነገር ተማሂሮም ከይዶም ክኾኑ ተስፋ ይገብር ! ዝሕሶኳ ክንደየናይ ረኺቦም ከይኮኑ ፡ ናታቶም ፈጠራ እንተዘይ ሓዊሶሙሉ።

*መደምደምታ*

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝገለጽኩዎ ከምዚ ዓይነት ኣኼባን ምስክረነትንን ንዓይ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ኢዩ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ዝተዓዘብኩዎ ነገር እንተሃሊዩ እውን ኣመንቲ ምሉእ ወንጌል (ጰንጤ) ፤ ከምቲ መንግሰቲ ሕጊ-ግደፍ ዝብሎ፤ መሳርሒ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ዘይኮኑስ ውዕውዕ ሃገራዊ ፍቕሪ ዘለዎም ኤርትራውያን ምኻኖም እውን ኣረጋጊጸ፤ ንኣብነት ሓንቲ ካብቲ ዝመሰጠትንን ሃገራዊ መዝምሮም ከምዚ ትብል ነበረት፥

ንኤርትራ ሃገርና ነፍቅራ ኢና
ኣጸቢቕና ንፈትዋ ኢና ወዘተ....

ካብዚ ናይ ሓብትና ሄለን ምስክርነት ዝበርሃይ ነገር እንተሃሊዩ፥ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ እሱራት ዝወርድ ዘሎ ግፍዕታት፥ ካብቲ ብግዜ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕታት ዝፈለ ኣይኮነን።

እቲ ዝኸፍአ ዝገብሮ እኳ ድኣ ካብ ናይ ገዛ ቤት ማእሰርቲ ናብ ናይ ኮንተይነርን ጎዳጉድን ቤት ማእሰርቲ ምቕያሩ ፤ ቀጺሉ ከኣ እሱራት ኣበይ ከምዘለዉ ዘይፍለጠሉ፥ ምስ ስድራ ቤቶም ጨሪሾም ዘይራኸብሉ፥ ብምኳኑ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ኣብ ሃገርና ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ተግባራት ይፈጸም ኣሎ።

ጭቕና ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ስለ ዝበርትዐን ፡ መሰል ኤርትራዊ ወዲ ሃገር ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ እግሃስ ስለ ዘሎን ፤ እኒሆ ዕድል ዝረኸበ ኩሉ ብምድረበዳን ባሕርን ኣየርን ኣቋሪጹ ናብ ስደት የምርሕ ኣሎ።

ኣብ ስደት ዝነበረ እውን እቲ ንነዊሕ ግዜ ዝሓለሞ ንሃገሩ ናይ ምምላስ ሕቶ ሕልሚ ደርሆ ኮይኑ ኣብ ስደቱ ይኣርግን ይቕበርን ኣሎ ።

እቲ ግዱድ ደጋፊ ሕጊ-ግደፍ እውን እንተኾነ ዝተኣዘዞ እናኸፈለ መሬት ሃገሩ መሊኡ ዝረግጻ ኣይመስለንን፤ ሕጊ ስለ ዘየለ፥ ገለዶ ይሕሰወኒ እሞ ሎሚዶ ጽባሕ ይኣስሩኒ እናበለ ብፍርሒ ተዋሒጡ ቀባሕባሕ እናበለ ኢዩ፤ መሬት ዓደቡኡ ዝረግጻ ዘሎ።

እዚ ኩሉ ከኣ ኤርትራ ነጻነት መሬት ተጓናጺፋ ባንዴራኣ ኣብ ዘንጠልጠለትሉ እዋን ምፍጻሙ የሕዝነካ። ሓዚንካ ጥራይ ብምንባር፥ ወይ ከኣ ብጓይላን ዳንከራን ነፍስኻ ብምትላል ከኣ መሰል ኣይርከብን ኢዩ እሞ ንመሰልና ሓቢርና ክንቃለስ መድረኽ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ይሓተና ኣሎ፤ ዓወትና ከኣ ናይ ግድን ኢዩ።

ዓወት ንሰላማዊ ሰልፊ ፍራንከፍርት
ውድቀት ንመሰል ወዲሰብ ግሃስቲ

ኣብርሃም ተኽለ
10.07.2008